# ተሓኤ ሃገ፣ ሓቂ ግዳ ዘይተውርዩ!

## ኣብ ኣኼባ ኲሎን ንሕና እውን'ኮ ኔርናሉ ኢና

*ተክልሰንበት ተኽላይ*
*ቦን/ጀርመን፣ 30.09.2004*

ኣብ ትሕቲ ትኹረት ኣብ ኤርትራ (Focus on Eritrea) ዝብል ኣርእስቲን ጭርሖን ብዕለት 18/19 መስከረም ኣብ ከተማ ኲሎን (ሃገር ጀርመን) መጠነ ሰፊሕ ስምፖዝዩም ተኻይዱ። እቲ ስምፖዝዩም ብሓልዮት ናይ ዩኒቨርስቲ ተመሃሮ ኤርትራውያን ኢዩ ተገቢሩ። እቲ ስምፖዝዩም ኣብ ክልተ ዝተኸፍለ ነይሩ። ኣብ ናይ ቀዳም ክፋሉ ቅድም ብጉዳይ ስደተኛታት ወይ ዑቕበኛታት ድሓር ከአ መሰል ወዲ ሰብን ኣብ ልዕሊኡ ዝግበር ጥሕሰታትን፤ ኣብ ናይ ሰንበት ክፋሉ ድማ ኤርትራ ኣየናይ ጉደና ትከተል ዝብል ኲይኑ ንተቓወምቲ ፖለቲካዊ ውድባት ዘርኢ ነየሩ። በዚ ስምፖዝዩም ድሮ ንሓርነት ዳት ካም ሰፊሕን ወድዓውን መግለጺ ሂቡ ስለ ዘሎ ዝያዳ ዘገድሶ ኣብ ንሓርነት-ዳት-ካም ኣትዩ ከንብብ ይኽእል።

ብዛዕባ ስምፖዝዩም ዝጸሓፉ ካልኦት'ወን ነይሮም፤ ንኣብነት ተሓኤ ሃ.ጉ ኣብ ኣዳል61 ዳት ካም። እቲ ንኣይ ሕጂ ክጽሕፍ ዝደርኸኒ እውን ንኣቀራርባ ሃገ ዓገብ ንክብልየ። ሓሳዊ ሰብ ብቃሉ፣ ዝተሰብረ ነገር ድማ ብምስሉ፣ ክንዲ ዝኾነ ኣብቲ ዝበሃል ዘሎ ሲምፖዚዩም ንዕድል ብዘይካ ውድብና'ውን ዝተፈላለዩ ካልኦት ውድባት፣ ሲቪክ ማሕበራት፣ ውልቀ-ሰባት ተሳተፍቲ ስለ ዝወዐልዎ ሓሳዊ ኣቀራርባ ናይ ተሓኤ ሃገ ብዘይ ናተይ ሓበሬታ'ውን ብሉልዩ። ይኹን ድኣ'ምበር እቲ ከይዶሞ ዘለዉ ሓውሲ ተጀሱስ/ስለያ ስራሕ ከቢድ ስለ ዝኾነ - ብኣጋጣሚ ድማ ብጻይ ወልደሱስ ዘቕረባ ጽሕፍቲ ቅዳሕ ስለ ዘላትኒ - ነዚ ጥቕራኖምዚ ከይመለስክሉ ክሓልፍ ኣይመርጽን። እሞ ሕጂ'ውን **ተሓኤ ሃገ፡ ሓቂ ግዳ ዘይተውርዩ!** ዝወዓለን ዝተዋዕለን ብምልኡ ብቪድዮ ይቕረጽ ስለ ዝነበረ ድማ ኣሰናዳእቲ ኣኼባ ትሕዝቶ ስምፖዝዩም ንቃልዕ ብምፍናው ንስልኳዊ ሓሶት ኣብ ጸብጻብ ሃገ ከቃልዐ ብሸነኽይ እምሕጸን። ንግዜኡ ግና፣ ብፍላይ ነታ ነቲ ዜናዊ ጸብጻብ ኣብ ኣዳል61 ዳት ካም ወይ'ወን ኣብ ተሓኤ ሃገ ዘቕረበ ባእታ ንምብዳህ፣ ኣንዊሐ ኣብ መደረ ናይ ፖለቲካዊ ውድባት ብፍላይ ከኣ ኣብ መደረ ብጻይ ወልደሱስ ክኣቱ'የ። እነሆ ድማ ዓቕሊ ይሃሉኹም ኣንበብቲ!

እምበኣር እቲ ብሰንበት 19 መስከረም ዝተኻየደ መደረ ወከልቲ ውዳባት (ማለት ወኪል ተሓኤ - ሰውራዊ ባይቶ፣ ወኪል ተሓኤ፣ ከምኡ'ውን ወኪል ናይቲ ብ4+1 ዝፍለጥ ሓዲሽ ምትእኽኻብ) ጽቡቕ ናይ ኣስተምህሮን ናይ ህዱእ እንካን-ሃባን መድረኽ ምንባሩን ብተሳተፍቲ ብከምኡ ከም እተነበን እየ ኣነ ተዐዚበ። እንተ'ቲ ኣየናይ ውድብ ካብቲ ዝተኻፈለ ውድባት'ከ ካብኡ ናብኡ ወድዓውን ኣዕጋብን መደረ ኣቕሪቡ ንዝብል ግና ኣብ ገጽ ተሳተፍቲ እተመስከረ ስለ ዝነበረ ምናልባት ብሕጂ ካልኦት ይነግርሉ ይኾኑ። ዕላማ ዜናዊ ጸብጻብ ተሓኤ ሃገ ከምቲ ኣብ ኣዳል61 ዳት ካም ዝቐረበ እኒሀኸስ፣ ሓበሬታን ፍልጠትን ንኣንበብቱ ንምቕራብ ዘይኰነስ፣ ከመይ ኣቢሎም ነቲ ከም "ጸላኢ" ዚርእይዎ ተቓላሳይ ውድብ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ የነውሩ

1. ማለት ውድብ ተሓኤ ሰ/ባይቶ በከመይ ዝያዳ ብኢትዮጵያ ኣብ መዝገበ-ቂም ይኣቱን ንባዕሎም ብኢትዮጵያ ይእመኑን
2. ብከመይ ውድባት ምሕዝነት ኣብ ልዕሊ ተሓኤ ሰ/ባይቶ ጽልእን ቅርሕንትን የሕድሩ'ሞ ተሓኤ ሃገ ነተሃላልውኡ መራጉትን መማምቕትን ይረክብ

3. ብከመይ ውድብ ተሓኤ ሰ/ባይቶ ምስቲ ምስ ግዜ እናሓደረ ንተሓኤ ሰ/ባይቶ ዝቐርቦን ዘኽብሮን ዘሎ ሲቪካዊ ማሕበራት ይርሕሓቕ

... ወዘተ ዝዓለመ ኰይኑ ረኺበዮ።

ናብዚ መደምደምታ ዘብጽሓኒ ምኽንያት ከአ፦

- ብኣቀራርባ ተሓኤ ሃገ፣ ልኡኽ ውድብ ተሓኤ ሰ/ባ (ማለት ብጻይ ወልደሱስ ዓማር) "ኢትዮጵያውያን ኣብ ልዕሊ ኤርትራ እንደገና ጐበጣ ከካይዱ ኣብ ምድላው ከይህልዉ የስግእዩ" ኢሉ ተባሂሉ። ኣብዚ ክፍለጥ ዘለዎ ግና - ኢትዮጵያውያን ንውግእ ይቀራረቡ ኣይቀራረቡ ብዘየገድስ - ብጻይ ወልደሱስ ዓማር ኣብቲ ኵልና ዝነበርናሉ ኣኼባ ከምኡ ኣይበለን። የግዳስ ካብቲ ብቛንቋ እንግሊዘኛ ዝቐረበ ጽሑፍ መደሬኡ ክውሰድ ከም ዝከኣል ከምዚ ዝስዕብዩ ዝበለ፦ "ሃገራዊ ሓድነትን ዝምድና ኤርትራ ምስ ኢትዮጵያን ኣብ ዝሓለፉ 60 ዓመታት ኣገደስቲ ጕዳያት ነይሮምን ኣሎዉን። ክልቲኦም ኣገደስቲ ጕዳያት ገና ብዝግባእ ፍታሕ ኣይረኸቡን ዘለዉ። ኣብ ኢትዮጵያ ኣብ ስልጣን ዝተዓወተ ኣካል ንናጽነት ኤርትራ ኣብ 1991 ተቐቢሉ ከብቕዕ ድሒሩ ኢሰያስ ነቲ ብቕኑዕ ዝጀመረ ዝምድና በኪለዎ። ሎሚ እቲ ብ90ታት ንልኡላውነት ኤርትራ ዝተቐበለ ኣካል ከም ሽዑ ዝነበሮ ሓይሊ የብሉን። ነቶም ልኡላውነት ኤርትራ ዘይወሓጠሎም ወጻኢ ካብቲ ዕዉት ሰልፊ ዝነበሩ ጥሩፋት ኢትዮጵያዊ ኣካላት ድሒሮም ካብ ውሽጢ ተጋድሎ ህዝባዊ ወያነ ትግራይ ተሓዊሶሞም ኣለዉ። ኣብ ዝሓለፈ ጊዜ መለስ ዜናዊ ንልዑላውነት ኤርትራ ካብ ኢሰያስ፣ ህግዲፍ፣ ከምኡ'ውን ካብዚ ሕጂ ኣብዚ ስምፖዚም ኣብ መንጎና ዘሎ ዓብደላ ኣደም ንላዕሊ ተኸላኺሉ ንኽብል ዓይነይ ኣይሓስየሉንየ። ሎሚ ግና መለስ ከምኡ ኣይኰነን ዝገብር ዘሎ፤ ሎሚ ንሱ'ወን ኣብዚ ጕዳይዚ ኣብ ውሽጡን ደገ ካብኡን ብዘለዉ ጥሩፋት ናይ ዓባይ ኢትዮጵያ ተሓለቕቲ ተጨውዩ'ዩ ዘሎ። ስለዚ ሎሚ ንኤርትራዊ ሓንጎል ዘሻቕል ዘሎ ነገር ኣብዚ መዝነትዚ ኣብ ኢትዮጵያ ዝርአ ዘሎ ምግልባጣትዩ። እዚ ድማ ደኒንካ ዘይሕለፎ መበገሲታቱ ኣለዎ። ... ቅድሚ ቁሩብ ሓደ ዓርከይ - ኣየ'ባ ሰራዊት ኢትዮጵያ ክሳዕ ነ"ስመራ መሪሹ ብምእታው ነዚ ገበነኛ ዲክታቶር ገልቢጡ ንኤርትራና ኣብ ሰላማዊ ኢድ እንተዘረክባ ክብል ሓሳቡ ምሳይ ተኻፊሉ። ኣነ ግና ነዚ ኣብ ላዕሊ ዝጠቐስክዎ ምኽንያት ከም ዘይሰማምዓሉ ኣብራህኩሉ።" ስለዚ ወልደሱስ እዚ ድኣ'ምበር ጸሓፍቲ ሃገ ኣብ ትእምረተ-ጥቕሲ ኣቐሚጥኩም ዝጠቀርኩሞ ኣይኰነን ዝበለ።

- ልኡኽ ተሓኤ ሰ/ባይቶ፣ "ኤርትራዊ ሃገራዊ ምሕዝነት ዘቆማ ኣባላት ውዳባት መጋበርያ ወይ ኣሻንጉሊት ውድባት ኢየን"፣ ኣይበለን። ንሱ ዝበለ "ኣብ ኢትዮጵያ ዝተወልዳ መጋበርያ ውዳባት ምንባረን ዘርኤካ በዚ ድሒሩ ኣብ ኤርትራዊ ውድባት ዝርአ ዘሎ ሓድሽ ፍሉይ ምትእኽኻብ ( ወይ ትሬንድ) በሪሁ። እቲ ዝበለጸ መንገዲ፣ ዲክታቶር ንምልጋስ፣ እምበኣር ብተቓወመቲ ውድባት ሓደ ጽላል ውድብ ምቛምዩ፤ እዚ ኣሰራርሓዚ ኣቓልቦ በርጌስን ሰራዊትን ካብ ውሽጢ ሃገር ስለ ዝስሕብ/ዝዕድም ከኣ እዚ ንደምበ ኤርትራዊ ተቓውሞ ምትርናዕ ማለትዩ" ኢሉ።

- መርገጽ ተሓኤ ሰ/ባይቶ ኣብ ልዕሊ ሲቪክ ማሕበራት እንተኸውነ'ውን ብሩህ'ዩ ነይሩ። ወኪል ተሓኤ ሰ/ባይቶ ዝበሎ፣ "ገለ ሲቪካዊ ማሕበራት ኣባላትን ኣብ ፖለቲካዊ ውድባት ካብ ምስታፍ የታርፉ'ዮም። እዚ ድማ ሃናጺ ኣይኰነን፤ ሲቪክ ማሕበራት በርጌሳዊ ዕማማተን እናነማጠፉ

> ብተወሳኺ ኣብ ፖለቲካዊ ውድባት ምስ ዝሐብራና'ዩ ጥቕምና።" ሕሉፍ ሓሊፉስ ነቶም ኣብ መደረ ዝነበሩ ወከልቲ ሲቪክ ማሕበራት ንሳቶምከ ንኣባላቶም የታርፉዶስ የተባብዑ ክብል ተወኪሱ"ዩ። ወከልቲ ሲቪክ ማሕበራት ነቲ ወኸሳ ብኣዎንታ ስለ ዝመለሱ ድማ ተሓጓጕሶም ሓሊፎሞ። ስለዚ ኣብዚ'ውን ተሓኤ ሃገ ልዕሊ ወከልተን ክመስሉ ኣይፈትኑ!

ወኪል ተሓኤ ሰ/ባይቶ ንደምበ ተቓውሞ ዘኽብር ምዕሩግ ኣቀራርባ ነይሩዎ እንተበልኩ ኣየጋንንኩን። ብመንጽሩ ዶር. በየነ ምስ ሕልናኡ ክማጐት ተራእዩ። ነዳይ ናይ ልቡ ይሓልም ከም ዝበሃል ከኣ ብተደጋጋሚ ምስ ታሪኽ ውድቡ ዘይቃዶ ዘረባ ኣስሚዑ፤ ንኣብነት ከምቲ ኣብ ላዕሊ ዝጠቐስክዎ ወልደሱስ ዘቕረበን ክለተ ነጥብታት፣ ማለት ኣብ ዝሓለፉ 60 ዓመታት ሕቶ ሃገራዊ ሓድነትን ጕዳይ ዝምድና ምስ ኢትዮጵያ ብዝምልከት - ክጻረር ክብል'ዩ እመስለኒ " ኣብ ታሪኽ ህዝብና ጕዳይ ሃይማኖትን ቀቢላውነትን ከም ሕቶ ተላዒሎም ኣይፈልጡን፤ የግዳስ ኣብ ሃገራዊ ፖለቲካ ዝኽሰሩ መራሕቲ ዝተኾትኾዎ ዘለዉዩ" ኢሉ ነተን ሎሚ መሳርሕቱ ዘለዋ  ውድባት ከይተረፈ ኣቋናጺቡ። እሞ ድኣ ክቡራት ብጾት ሃገራዊ ጕባኤ እዚኣ ድኣ ምስዛ ናይ ሎሚ ኣከያይዳኹም ትሳነዶ? ወዮ "መትከላዊ" ተሓላቕነትኩም ንመሰላት ርእሰ-ወሳነ  ናይ ብሔራትን ሃይማኖታትን ድኣ ከከም ኣድላይነቱ ዝስቀልን ዝዕሸግን ድዩ?

ተክልሰንበት ተኽላይ
ቦን/ጀርመን፣ 30.09.2004

========================================
===============